## W.I.R እንታይ እዩ?

W.I.R ማለት „work and integration for refugees“ ማለት'ዩ። ኣብ ፕሮግራም W.I.R ቤትጽሕፈት ን ስራሕን ሶሽያልን ስድራን ምውህሃድን፣ ኤጀንሲ ስራሕ Hamburg ከምኡ'ውን ጆብሰንተር team.arbeit.hamburg ኣብ ሓደ ገዛ ብሓንሳብ እዮም ዝሰርሑ። ብሓንሳብ ምስ ናይ ሃምቡርግ መርበብ ኪኢላታትን ካልኦት መርበባትን፣ ንኣ. ንሞያ ዘእንፈቱ ናይ ሃምቡርግ ተሰከምቲ፣ ኣብ መንገዲ ናብ ስራሕን ሞያዊ ትምህርትን (ኣውስቢልዱንግ) ክንሕግዘኩም ንደሊ።

## W.I.R ንመን እዩ?

W.I.R ንዝብዕቡ ይምልከት:

- ፍቓድ ጽንሓት ዘለዎም ስደተኛታት፣ ብሓድሽ ናብ ጆብሰንተር team.arbeit.hamburg እንተመጺኦም፣
- ደለይቲ ዑቕባን ፍቓደኛታትን ካብ ዘይውሑሳት መበቈል ሃገራት ምስ – ዋላ ብውልቂ – ጽቡቕ ናይ መጻኢ ዕድል ዑቕባ፣ ብሓድሽ ካብ ኤጀንሲ ስራሕ Hamburg እንተ ደኣ ትእለ ኮንካ።

ግና ጥራይ እንተ


- ዕድመኻ ብውሕዱ 25 ኮይኑ
- ሞያውያን ክእለታትን ቅድመ-ተመኩሮታትን ኣለካ፣ መእተዊ ናብ ብቕዓት ዘለዎ ስራሕ ዝገብሩልካ፣ ከምኡ'ውን
- ምሳና ብሓንሳብ ናይ መጻኢ ሞያውያን መደባት ተማዕብል ኮንካ።



## W.I.R ከመይ ዲኻ ትረኽቦ?

W.I.R ብዝስዕብ ትረኽቦ

**Team Flucht und Asyl**
Agentur für Arbeit
Norderstr. 105
20097 Hamburg
Hamburg.Mitte-625-Vermittlung@arbeitsagentur.de




Impressum

Herausgeber:
Behörde für Arbeit, Soziales, Familie und Integration / Jobcenter team.arbeit.hamburg / Agentur für Arbeit Hamburg

Layout: ad:design! Alexandra Dirks,
Fotos: Seite 4+5: fotolia.de ©adam121, ©michaeljung, Seite 1, 2, 3: Foto©Jobcenter team.arbeit.hamburg/Jann Wilken/2017

4. Auflage, Stand: Juli 2018

Druck: Druckerei Siepmann, Hamburg

Hamburg | Behörde für Arbeit, Soziales, Familie und Integration

Jobcenter team.arbeit.hamburg

Bundesagentur für Arbeit
Agentur für Arbeit Hamburg




# ተኽእሎታት ምፍላጥ – መንገድታት ምድላው

**W.I.R - work and integration for refugees**

ሓበሬታታት ንተሳተፍቲ

W.I.R work and integration for refugees

TIGRINISCH
(Eritrea)

Hamburg

# ስጉም ንስጉም

ኣብ ሃምቡርግ ዝተፈላለዩ፣ ኣብ መንገዲ ናብ ትምህርቲ ሞያን ስራሕን ዝሕግዙኻ ትካላት ኣለው፥

- ኤጀንሲ ስራሕ Hamburg
- ጆብሰንተር team.arbeit.hamburg
- W.I.R – work and integration for refugees
- ኤጀንሲ ሞያ መንእሰያት፣ ዕድመኻ ትሕቲ 25 እንተኾነ።

ኣብ ሃምቡርግ ሓድሽ እንተኾንካ፣ ኣብ መእተዊ ማእከል Rahlstedt ናብ ንዓኻ ዝምልከተካ ጨንፈር ይመሓላለፉኻ።

ንውሕ ዝበለ ግዜ ኣብ ሃምቡርግ ከለኻ ኣብ ኤጀንሲ ስራሕ ወይ ኣብ ጆብሰንተር ገና ኣይከድካን? ሽዑ ንዝስዕብ ርከብ ኢኻ

**Team Flucht und Asyl – Agentur für Arbeit**
Norderstr. 105, 20097 Hamburg ።
ግዜታት ኣብኡ፥
ሰኑይ ክሳብ ሓሙስ ሰዓት 8 ቅ.ቀ. ክሳብ 3 ድ.ቀ.
ዓርቢ ሰዓት 1 ክሳብ 3 ድ.ቀ.

ብዘይ ምዝጋበ ክትመጽእ ትኽእል ዋላ ውን ቆጸራ ክትገብር ትኽእል ኣብ፥ Hamburg.Mitte-625-Vermittlung@arbeitsagentur.de።

## ስጉም 1

ኣብ ጉጅለ ስደትን ዑቕባን ምምካር ክትወሃቡ ኢኹም ከምኡ'ውን ናብቲ ንዓኻ ዝምልከተካ ጨንፈር ይመሓላለፉኻ። ኣድላይነታት ናይ W.I.R እንተ ረኺብካዮም፣ ሓበሬታኻ ክንወስድ ኢና ከምኡ'ውን ቆጸራ ንሰፊሕ ዝርርብ ምምካር ኣብ W.I.R ክንገብር ኢና።
**ናብ W.I.R ጥራይ ቆጸራ እንተሎካ ምጻእ ኢኻ።**






## ስጉም 2

ኣብ W.I.R ምሳኻ ብዛዕባ ሞያውያን ክእለታትን ናይ መጻኢ መደባትን ክንዛራረብ ኢና።

- ዲግሪ ቤት-ትምህርቲ ኣለካ ዶ?
- ኣየኖት ቋንቋታት ትዛረብ?
- ኣውስቢልዱንግ ኣለካ ድዩ?
- ኣብ ሓደ ሞያ ድሮ ሰሪሕካ ዶ?
- ኣየኖት ሞያውያን ትምኒታትን መዳያትን ኣብ ጀርመን ኣለካ?
- ኣብ መንገዲ ኣውስቢልዱንግን ስራሕን ከመይ ገርና ክንሕግዘካ?

ብዝተረፈ ብዛዕባ ናይ ሕይወት ኩነትካ ክንዘራርበካ ኢና።

- ስድራቤት ኣለካ ዶ?
- ጥዕናኻ ከመይ ኣለኻ?
- ኣየናይ ፍቓድ ጽንሓት ኣለካ?

**ኣገዳሲ፥**
**ነዚ ቆጸራ ዝኾኑ ኣድለይቲ ሰነዳት ተማላእ ኢኻ ብኽብረትካ።** እዚኦም ኣየኖት ከም ምዃኖም፣ ጉጅለ ስደትን ዑቕባን እዮም ዝገልጹልካ።
**ሓበሬታኻ ግድን ብምስጢራውነት ክንሕዝ ኢና።**

## ስጉም 3

ምሳኻ ብሓንሳብ ዝመጽእ ዘለው ስጉማት ክንምድብ ኢና። እዚ ክኸውን ይኽእል፥

- ፕራክቲኩም ኣብ ሓደ ኩባንያ፣
- ስልጠናጀ ርመንኛ፣
- ሞያዊ ትምህርትኹም ምስቲ ሞያዊ ትምህርቲ ኣብ ጀርመን ተመዛዛኒ ከም ምዃኑ መርመራ፣
- ኣውስቢልዱንግ ወይ መጽናዕቲ፣
- ካልእ ተወሳኺ ሞያዊ ብቕዓት፣
- ቦታ ስራሕ፣
- ጥዕናዊ ሓገዝ፣
- ደገፍ ንስድራቤትካ፣
- ምምካር ብዛዕባ ኣርእስቲ መሰል ወጻእተኛታት፣
- ካልኦት ንኩነት ሕይወት ዝምልከቱ ሓገዛት

## ስጉም 4

እቲ W.I.R-ኣገልግሎት ትካል ኣብ ምድላይ ብቑዕ ቦታ ኣውስቢልዱንግ ወይ ቦታ ስራሕ ከምኡ'ውን ኣብ ምድላይ ፕራክቲኩም ይሕግዘካ። W.I.R ዋላ ኣብ ተቐባልነት

መጽናዕቲ/ስታዲ ይሕግዙኻ።

